# ሚ/ር ኣሕመድ ሓጅ ዓሊ፣ ኣብ ኣውስትራልያ ይካይድ ኣብ ዘሎ ዋዕላ ኣውፈርቲ ዕደና ይሳተፍ ኣሎ።

ም



**መልበርን 3 መስከረም 2010**

ሚ/ር ኣሕመድ ሓጅ ዓሊ ዝመርሖ ልኡኽ፡ ኣብቲ ኣብ ምዕራብ ኣውስትራሊያ ተጋቢኡ ዘሎ ኣፍሪካ ዳውን ኣንደር ኮንፈረንስ ( Africa Down under Conference ) ተረኺቡ፡ “ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ዓመታት ኣብ ጽላት መስርሕ ዕደና ተራእዩ ዘሎ ምዕባለ ቀንዲ ረቛሒ መስሕብ ኣውፈርቲ ከምዝኾነ ገሊጹ” ክብል ካብ ከተማ ፐርዝ ዝተረኸበ ሓበሬታ ጠቒሱ: ቤት ጽሕፈት ጠቅላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ካብ ከተማ መልበርን ሓቢሩ።

እዚ ዓመታዊ ኣብ ከተማ ፐርዝ ዝካየድ ኮንፈረንስ፡ ሎሚ ዓመት ካብ 1 — 3 መስከረም (ንሰለስተ መዓልታት) ተጋቢኡ ዘሎ ፡ ሓለፍቲ ዝተፈላለያ ናይ ዕደና ትካላት፡ ሓለፍቲ ባንክታትን ፋይናንሳዊ ትካላትን፡ ኣውፈርቲ፡ ትካላት ዕደና፡ ኣማኸርቲ ዕደናን ከምኡ’ውን ዝተፈላለያ ናይ ውሽጥን ወጻእን ማዕከናት ዜና ዝሳተፍሉ ዘለው ኮይኑ፡ ብጠቕላላ ካብ መላእ ዓለም ዝተዋጽኡ ልዕሊ ሓደ ሚእቲ ኣውፈርትን (ትካላትን) ልዕሊ 900 ጉባኤኛታት ዝተሳተፍዎን ከምዝኾነ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

ኣብቲ ሰበስልጣን መንግስቲ ኣውስትራልያን፡ ዲፕሎማትን፡ ሃብታማት ኣውፈርቲ ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝተረኸቡሉ፡ ትማሊ ሓሙስ 2 መስከረም፡ ሚ/ር ኣሕመድ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ኤርትራ ንዝተገብረላ ዕድመ ድሕሪ ምምስጋን፡ “ኣብ’ዛ ውልዶ ሃገር ኤርትራ፡ ኣቐዲሙ ታሪኽ ዕደና ከምዝፍለጥ፡ እንተኾነ ብሰንኪ ሰንሰለታዊ መግዛእትታት ካብ ምጅማር ዘይሓለፈ መስርሕ ዕደና ኣቋሪጹ ከምዝነበረ  ድሕሪ ምግላጹ፡ ድሕሪ ናጽነት ግን መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ብኹናት ዝስዓበ ናይ ቁጠባን ማሕበራዊ ጸገማትን ንምእላይ ገዚፍ ወጻኢታት ብምውፋር ዳግመ ህንጻዊ ስርሓት ብምክያድ፡ ንትካላት ዕደና ኣብ ዘትኣማምን ናይ ወፍሪ መድረኽ ከምዝተበጽሐ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኤርትራ ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ኣንጻር ድኽነት ኣብ ትቃለሰሉ ዘላ እዋን ኣብ ወጻእተኛታት ኣውፈርቲ ዘለዋ ተገዳስነት ልዑል ጠመተ ብምክያድ ከተእንግድ ቅርብቲ’ያ” ኢሉ።

ቀጺሉ ሚ/ር ኣሕመድ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ኣብ ኤርትራ 17 ካምፓኒታት (ትካላት) ኣብ ናይ ዕደና መስርሕ ተዋፊረን ይሰርሓ ከምዘለዋ ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጹ፡ እዚ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናወሰኸ ዝመጽእ ዘሎ ቁጽር ኣውፈርቲ፡ መርኣያ ናይቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሰላምን ብሉጽ ኣቀማምጣ (GEOLOGY) ኤርትራን ከምኡውን፡ ብሩህ መጻኢ ኤርትራ ብፍላይ ኣብ ወፍሪ ዕደና ንኣውፈርቲ ዘትኣማምነን ከምዝኾነ ገሊጹ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ዕደና ዘሎ መሰረታዊ እምነት ናይ መንግስቲ ኤርትራ: ኣብ ሓድሕዳዊ ምክብባርን ምሕዝነትን ናይ ኣውፈርትን ናይ ኣእንጋዲት ሃገርና ብማዕረ ስለዝርአ እዩ ኢሉ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሚ/ር ኣሕመድ፡ መላእ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ብኣዝዩ ውሑድ መጽናዕቲ፡ ኣብቲ ብሉጽ ናይ ዕደና ቅናት (VMC belt) ዘሎ ብምዃኑ ኣውፈርቲ ናብ ኤርትራ መጺኦም ወፍሪ ከካይዱ ዓዲሙ።

ሚ/ር ኣሕመድ ዝመርሖ ልኡኽ ብሰንበት ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ማዕርፎ ነፈርቲ ከተማ ፐርዝ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን፡ ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ኣቶ በሽር እድሪስ ኑርን፡ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ተቐማጠ ከተማ ፐርዝን ድሙቕ ኣቀባብላ ከምዝገበሩሉ ካብ ከተማ ፐርዝ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣረዲኡ።